CITY UNIVERSITY OF LONDON EST 1894

REFUGEE COUNCIL SUPPORTING AND EMPOWERING REFUGEES

# ኣየናይ ናይ NHS ኣገልግሎታት እዩ ዘድልየኒ፡

| | ርእስ - ክንክን | ናይ ስኒ - ሓካይም | ፋርማሲታት | GP ሰርጀሪታት | ብእግሪ ዝኽየዱ ማእከላት | NHS 111 | ህጹጽ ረድኤት ሕክምና ኣእምሮ | ሆስፒታል A&E / 999 |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ኣገልግሎታት | ርእስ - ክንክን ክበሃል ከሎ፡ ንገዛእ ርእስኹም ብጥዑይ መገዲ ምክንኻን ማለት እዩ። | ኣፍካ፡ ኣስናንካን ግርጻንን ጥዕንኡ ዝተሓለወን ካብ ቃንዛ ናጻን ንኽትትከውን ዘድሊ ዝኾነ ዓይነት ሕክምና። | ፋርማሰኛታት ናይ መድሃኒት ክኢላታት እዮም። ጥዕናዊ ምኽሪ፡ ክታበትን ልሙዳት መድሃኒታት ክህቡ ይኽእሉ። | GPታትን ነርሳትን ልብኹም፡ ኣካላትኩምን ኣእምሮኹምን ጥዑይ ንክኸውን ኣብ ዝተፈላለዩ ፀገማት ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም። GPታት መርመራ፡ ምኽሪ፡ ክታበትን ሕክምናን፡ መድሃኒት ዝእዝዙ፡ ንኻልእ ጥዕናዊ ኣገልግሎትን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ዝጠቅስ መወከሲ ይህብ። | ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ናይ GP ሓኪምኩም ዘይርከብ እንተ ኮይኑ፡ ህጹጽ፡ ቀሊል መጉዳእቲታትን ሕማምን እንተ ኣጋጢምኩም፡ ምብጻሕ | ህጹጽ ናይ ሕክምና ጸገም እንተሃልዩኩም ግን እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ርግጸኛ እንተዘይኮይንኩም ሓገዝ ክትረክቡ ትኽእሉ ኢኹም። | ንስኹም ወይ እትፈልጥዎ ሰብ ንገዛእ - ርእስኹም ወይ ንኻልእ ሰብ ኣብ ሓደጋ ምጉዳእ ምስዝርከቡ፡ ደገፍ ንምርካብ መስመር ሓገዝ። | ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ከቢድ ጉድኣት ንዘጋጠሞም ሰባትን ህጹጽ ረድኤት ንዘድልዮምን ንምሕካም ከምኡ 'ውን ህይወት ዘድሕን ሕክምና ንምግባር ይጠቅም። |
| ጸገማት | ምክትታል ኣመጋግባኹም፡ ውልቃዊ ጽሬትኩም፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከምኡ ' ውን ኣብ እዋን ጸገም ጥዕና ወይ ጸቕጢ ኣብ | ኣኽሊላትን ድልድላትን፡ ሙግሊ ስኒ፡ ኣርቴፍሻል ስኒ (ናይ ሓሶት ኣስናን)፡ ሕክምና ሱር መትረብ፡ ምሕካኽ ከምኡ ' ውን ምልማጽ | ሰዓል፡ ቁሪ፡ ምሕርፋፍ ጎሮሮ፡ ጸረርታ ኣፍንጫ፡ ቅርጸት ከብዲ፡ ቃንዛ፡ ናይ ሓኪም ትእዛዝ ምድጋም | ዘየቋርጹ ፀገማት ከም ሕዱር ቃንዛ፡ ተምላስ፡ ኣዝማ፡ ናይ ቆርበት ጸገም፡ ቅርጸት ከብዲ፡ ሰዓል፡ ጸቕጢ ፡ ጓሂ፡ ናይ ድቃስ ጸገም፡ ናይ ሓሸሽን ኣልኮላዊ መስተን ጸገማት፡ ነብሰ - ጉድኣትን ነብስኻ ናይ ምጥፋእ ስምዒታትን። መከላኸሊ ጥንሲ፡ ክንክን ኣደታት፡ ምርመራ ጥዕና ሓደሽቲ ዕሸላትን ህጻናትን፡ ሕዱር ኩነታት ጥዕና | መግመይቲ ወይ እተጠርጠረ ምስባር ኣዕጽምቲ፡ ማሕረድቲ፡ መቁጸይቲ፡ ማህሰይቲ፡ ዕንፍሩር፡ ቀሊል ቃጸሎታት፡ ምሽሙላቅት፡ መንከስቲ፡ ውጽኣት፡ ናይ ጎሮሮን እዝንን ረኽሲታት | ናብ ሆስፒታል ክትከዱ ከምዘለኩም እንተሓሲብኩም፡ ትኸድዎ ወይ ትድውሉሉ ዝበለጸ ምቹእ ቦታ እንተዘይፈሊጥኩም፡ GP ክትረኽቡ እንተዘይኪኢልኩም፡ ብዛዕባ እንታይ ክትገብር ከምዘለኩም ምኽሪ ወይ መረጋገጺ እንተደሊኹም | ርእሰ - ምጕዳእ፡ ስምዒታት ርእሰ - ቅትለት ምፍጻም፡ ንኻልኦት ናይ ምጕዳእ ሓደጋ። | ብርቱዕ መድመይቲ፡ ቃንዛ ኣፍልቢ ወይ ናይ ምስትንፋስ ጸገም። ሃለዋትካ ምጥፋእ፡ ኣብ ገጽ ንዝወርዱ ጕድኣት፡ እተጠርጠሩ ምስባር ኣዕጽምትን ዓንዲ ሕቖን፡ መንከስቲ፡ ጸገማት ዓይኒ፡ ምውሳኽ ሙቐት። |
| ቀረብ | 24/7 | ብመዓልቲ | ብመዓልቲ | ብመዓልቲ | ብመዓልቲ | 24/7 | 24/7 | 24/7 |
| ቆጸራ | ኣይፋል | እወ | ኣይፋል | እወ | ኣይፋል | ኣይፋል | ኣይፋል | ኣይፋል |
| መስርሕ | ርእሰ - ክንክን መዓልታዊ ክትገብርዎ ኣለኩም። | ኣብ ናይ ስኒ ሓኪም ተመዝገቡ፡ ድሕሪኡ ቆጸራ ንኽትገብሩ ደውሉ ወይ ኢመይል ጸሓፉ። | ኣብ ዝመጻኹምዎ | ኣብ ናይ ከባቢኻ ስርጀሪ ተመዝገቡ። ቆጸራ ክትሕዙ ናብቲ ናይ GP ስርጀሪ መርበብ ሓበሬታ ብጽሑ፡ ደውሉ ወይ ናይ NHS App ተጠቀሙ። | ኣብ ዝመጻኹምዎ | ደውሉ 111 | ናብ ሳምራውያን ብናጻ ደውል ብ 116 123 ወይ SHOUT ኢልኩም መልእኽቲ ጸሓፉ ናብ 85258 ወይ ኣብ ኽቱር ኩነታት 999 ደውል | ኣብ ዝመጻኹምዎ ወይ ኣምቡላንስ ንምጽዋዕ 999 ደውሉ (ክሳብ 4 ሰዓታት ክትጽበዩ ትኽእሉ) |
| ምኽርታት | ኣስናንኩም ምጽራይን ምንቅስቓስ ኣካላት ምግባርን ንልብኹምን ኣእምሮኹምን ጽቡቕ ከም ዝስምዖ ክገብር ይኽእል እዩ። | ናይ እቶት ደገፍ እንተሃልዩኩም፤ ካብ ግብሪ ምኽፋል ናጻ ምዃንኩም ምስክር ወረቐት እንተሃልዩኩም ወይ ነፍሰ ጾር እንተኾይንክን ናይ ስኒ ሓኪም ክፍሊት ክትከፍሉ ኣየድልየኩምን እዩ። | ንናትኩም GP ንምርኣይ ኣብ ትጽበየሉ እዋን ንንኣሽቱ ፀገማት ናይ ፋርማሰኛ ምኽሪ ክትረክቡ ትኽእሉ ኢኹም። | ቆጸራ ክትገብሩ ቴሌፎን እንተደዊልኩም ቅድሚ 9 ቅ.ቀ ደውሉ። | ጸገምኩም ህጹጽ ግን ከኣ ከቢድ እንተዘይኮይኑ፡ ናብ ብእግሪ ዝኽየዱ ማእከላት ብጽሑ። | ቅኑዕ ምርጫ ምኻኑ ንምርግጋጽ ናብ A&E ቅድሚ ምኻድኩም ደውሉ። | እዞም ኣገልግሎታት ምስጢራዊነት ዘለዎም እዮም። | ባዕልኹም ናብ ሆስፒታል ክትከዱ ትኽእሉ እንተኾይንኩም ኣምቡላንስ ምጽዋዕ ኣወግዱ። |